## ንምፍላጦም ኣገደስቲ ነገራት

# ሩታ-ቪሩስ

Folkhälsomyndigheten
PUBLIC HEALTH AGENCY OF SWEDEN

**ረኽሲ ’’ሩታ-ቪሩስ’’ (Rotavirusinfektion) ኣዝዩ ተላጋቢ ዝኾነ “ሕማም-ከብዲ” ኰይኑ፥ ንንኣሽቱ ሕጻናት ኣዝዩ ሓደገኛ ኪኸውን ዚኽእል ሕማም’ዩ። ነዚ ረኽሲ’ዚ ንምክልኻል፡ እቲ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ኣገባብ፥ ነቲ ቆልዓ ክትባት ምሃቡ’ዩ።**

ረኽሲ ’’ሩታ-ቪሩስ’’፡ ተምላስን ብርቱዕ ውጽኣትን ዚገብረልካ ኰይኑ፥ ንብዙሓት መዓልታት ድማ ዚቕጽል’ዩ። ብኡ ምኽንያት ድማ ንኣሽቱ ቆልዑ፥ ብዙሕ ፈሳሲ ከጥፍኡን ኣካላቶም ኪጸምእን ይኽእል’ዩ። ገለ እዋናት ውን እቲ ቆልዓ፥ ናይ ሆስፒታል ሕክምና ከድልዮ ይኽእል’ዩ። እዚ ሕማማ’ዚ ብዝበለጸ ከቢድ ዝኸአውን፥ ነቶም ትሕቲ 2 ዓመት ዘለዉ ሕጻናት’ዩ።

ምስ ዘይክተቡ፡ ኵሎም ቆልዑ ብሓፈሻ፡ እንተ ወሓደ ንሓደ ጊዜ ክሳዕ 5 ዓመት ዚምልኡ ረኽሲ ’’ሩታ-ቪሩስ’’ ይሕዞም’ዩ።



እቲ ክትባት ብነጠብጣብ ኣብ ኣፍካ ዚወህብ ኰይኑ፥ ጥዑም መቐሬት ዘሎዎ’ዩ።

### እዚ ’’ቪሩስ’ዚ’’ ብቐሊሉ ዚላባዕ’ዩ

’’ሩታ-ቪሩስ’’ ብቐሊሉ ዚለግበካን፥ ብኢድ፡ ብኣፍ፡ ብቺኾቶ ከምኡ ውን ብመጻወቲ ኣቕሑት ጌሩ ክመሓላለፍ ዚኽእል’ዩ። ኢድካ ብምሕጻብን ካልእ ቦታታትን ብምጽራይን፥ ካብቲ ናይ ምሕማም ሓደጋ ክትከላኸልን፥ ናብ ካልኦት ንኸይመሓልለፍን ክትከላኸል ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር፡ ምሉእ-ብምሉእ ነቲ ምትሕልላፍ ክትቆጻጸሮ ኣይትኽእልን ኢኻ።

### እቲ ክትባት ይከላኸል’ዩ

እቲ ክትባት ናይ ’’ሩታ-ቪሩስ’’ ረኽሲ፥ ካብቲ ብኸቢድ ምሕማም ጽቡቕ ምክልኻል ዚህብ’ዩ። ንኣሽቱ ሕጻናት ንምድራቕ-ኣካላት ተነቀፍቲ ስለ ዝኾኑ፥ ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት፥ እዚ ምክልኻል’ዚ ኣዝዩ የድልዮም’ዩ።

### እቲ ክትባት ብኸምዚ ዚስዕብ ይግበር

**ቅድሚ ክትባት ምውሳድካ**
ነታ ኣብ ’’ማእከል ጥዕና-ሕጻናት’’ (BVC) ዘላ ነርስ፥ ኣብታ እዋን’ቲኣ ውላድኪ ከመይ ይስምዖ/ዓ ከም ዘሎ ንገርያ። ሕቶታት እንተ’ሎኪ ሕተቲ ካልእ ዘተሓሳስበኪ ነገራት ምስ ዚህሉ ውን ተዛረቢ።

**እቲ ክትባት**
እቲ ክትባት፡ ብነጠብጣብ ኣብ ኣፍካ ዚወሃብ ኰይኑ፥ ጥዑም መቐሬት ድማ ዘሎዎ’ዩ። እቲ 1ይ-ክትባት፡ እቲ ሕጻን 6 ሰሙን ምስ ኰነ ይወሃብ። እቲ 2ይ-ክትባት ድማ፡ እቲ ሕጻን ሰለስተ ወርሒ ምስ መልአ ይወሃብ። እዚ ክትባት’ዚ፡ ምስቶም ካልኦት ክትባታት ኣብ ሓደ ጊዜ ኪወሃብ ይኽእል’ዩ።

**ብድሕሪ ክትባት ምውሳድካ**
እቲ ቆልዓ ብድሕሪ’ቲ ክትባት ምውሳዱ፥ ቅልል ዝበለ ናይ ’’ሩታ-ቪሩስ’’ ሕማም ምልክት ኪገብረሉ ይኽእል’ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ክታበት’ቲ፡ ዝተዳኸመ ’’ሩታ-ቪሩ’’ ዘሎዎ ስለ ዝኾነ እዩ። እት ሕጻን፡ ቀጢን-ቀልቀል፡ ጋዝ፡ ከምኡ ውን ከብዱ ከቖንዝዎ ይኽእል’ዩ። እዚ ግን ብድሕሪ ክልተ መዓልታት ኣቢሉ ኪሓድጎ እዩ።

SKYDD FÖR LIVET

FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, ARTIKEL 19059-13. REVIDERING 1, 2020. FORM: SÖDRA TORNET.

## ብድሕሪ'ቲ ክትባት ምውሳድ ክትሓስቦ ዘድሊ

እቲ ክትባት፡ ከም ኵሉ ዓይነት መድሃኒታት ገድናዊ-ሳዕቤን ኪህብ ዚኽእል'ዩ። መብዛሕትኦም ቆልዑ፡ ኣዝዩ ውሱን ዝኾነ ምልክት ሕማም የርእዩ'ዮም፥ ገለ ካልኦት ድማ፡ ቀጢን-ቀልቀል ይገብረሎም፥ ምናልባት ውን ቃንዛ ከብዲ ኪገብረሎም ይኽእል'ዩ።

ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም ”ጐድናዊ-ሳዕቤን” እቲ ናይ መዓንጣ-ምዕጻፍ ”tarminvagination” ዚበሃል'ዩ። ሽዑ ድማ እቲ ቆልዓ፥ ለሽ ይብሎ፡ ይደክም፡ ቃንዛ-ከብዲ ይገብረሉ፡ የውጭጭ ወይ ይበኪ፡ ቀልቡ ውን ምሉእ ኣይከውንን። ኣብቲ ቀልቀሉ ውን ደም ወይ መለግለግታ ይገብር። ዕግርግር ክብሎን ከምልሶን ውን ይኽእል'ዩ። እቲ ቃንዛ ኪመጽእን ኪከይድ ይኽእል'ዩ። ውላድካ ገለ ካብዞም ምልክትታት'ዚኦም ምስ ዘጋጥሞ፥ እቲ ሕጻን ግቡእ ክንክን መታን ክረክብ፥ ብቑጥታ ምስ ቤት ሕክምና ርክብ ምግባር ይግባእ።

ውላድካ ብድሕሪ'ቲ ክትባት ጸረ “ሮቲኣ-ቪሩስ” ምውሳዱ፥ ከምዚ ናይ “መዓንጣ-ምዕጻፍ” (tarmin-vagination) ንኸጋጥሞ ዘሎ ሓደጋ ኣዝዩ ውሱን'ዩ። ይኹን እምበር እቲ ሕጻን ብኽመይ ክቀባበሎ ከም ዚኽእል ምፍላጡ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ናይ “መዓንጣ-ምዕጻፍ”፡ እቲ ቆልዓ ክትባት ከይተዋህቦ ውን ከጋጥም ዚኽእል እዩ።

## ዝበለጸ ንምፍላጥ'ዶ ትደሊ?

ምስቲ እቲ ውላድኩም ዚኸደሉ ”ማእከል ጥዕና-ሕጻናት” ርክብ ክትገብሩ ኵሉ ጊዜ ዕዱማት ኢኹም። ኣብዚ ዚስዕብ ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ክተንብብ ይክኣል'ዩ፡-

- 1177.se
- Folkhalsomyndigheten.se
- Lakemedelsverket.se

## መደብ-ክትባታት ኣብ ሃገር ሽወደን

እዚ ”ሩታ-ክትባት”፡ ኣካል ናይቲ ”መደብ-ክትባታት” ኣብ ሃገር ሽወደን'ዩ። ኣብዚ ታሕቲ፡ ንዅሎም'ቶም ኣብ ሽወደን ዘሎዉ ቆልዑ፥ ከበድቲ ሕማማት ንምክልኻል ተባሂሎም ዚወሃብዎም ክትባታት ክትርኢ ኢኻ።

